NIPH
Norwegian Institute of Public Health

# ክታበት ኣንፃር ሕማም ሮታቫይረስ (rotavirus)

ኣብ ዕሸላትን ሕንጠያትን ዝርኣይ ውፅኣትን ተምላስን ዳርጋ ፍርቆም ብምኽንያት ሮታቫይረስ ዝመፅኡ እዮም፡፡ እቲ ቫይረስ ብቐሊሉ ይመሓላለፍ፡፡

እቲ ክታበት ብህይወት ዝነብሩ ዝደኸሙ ሮታቫይረስ ይሕዝ፡፡ ቫይረስ እቲ ክታበት ጥዑያት ኣብ ዝኾኑ ቈልዑ ሕማም ሮታቫይረስ ኣየስዕብን፡፡ ክታበት ሮታቫይረስ ኣብ ምክልኻል ሕማም ሮታቫይረስ ኣዝዩ ውፅኢታዊን ዳርጋ 100% ዝከላኸልን እዩ፡፡

ክታበት ሮታቫይረስ ብኣፍ ዝወሃብን መቐረቱ ጥዑምን እዩ፡፡

ኣብ መደብ ተኸላኽሎኣዊነት ቁልዕነት ኣብ ረብሓ ዝውዕል ክታበት 2 ዓቐናት መድሓኒ ይሕዝ፡፡ ፈላማይ ዓቐን እንተቐዲሙ ኣብ 6 ሰሙናት ይወሃብ፤ ድሕሪ 12 ሰሙናት ግና ኣይወሃብን፡፡ ካልኣዋይ ዓቐን ድማ ቈልዓ ዕድሚኡ 3 ኣዋርሕ እንትኸውን ይወሃብ፤ ድሕሪ 16 ሰሙናት ግና ኣይወሃብን፡፡ ድሕሪ ክታበት ካብ 3-4 ዓመታት ዝፀንሕ ምክልኻል ይህብ፡፡ እዚ ነቶም ኣዝዮም ኣናእሽቱን ናብ ሓደጋ ዝተቓልዑን ንምክልኻል እኹል እዩ፡፡

ቈልዓ ኣብ ቀረባ ግዘ መሓኒት እንተውሒጡ፣ ናይ ኣካል ዘይምቕብባል ወይ ዝኾነ ካልኦት ፀገማት ጥዒና እንተሃልዩዎ ንሓኪም ሓብሩ፡፡ ብተወሳኺ፣ ኣደ ኣብ እዋን ጥንሲ ወይ ኣብ እተጥቡወሉ እዋን ስርዓት ተኸላኽሎ ዝፀሉው መሓኒት እንተወሲዳ ክትሕብር ይግበኣ፤ ምኽንያቱ ነዚ ክታበት እትኽተበሉ ግዘ ናብ ካሊእ መዓልቲ ክቕየር ምግባር ከድልይ ይኽእል እዩ፡፡

ቈልዓ ሓያል ተላባዲ ሕማም ምስ ልዕሊ 38° ሴ ዝኾነ ረስኒ እንተሃልዩዎ ወይ ውፅኣት ወይ ተምላስ ዘለዎ ሓያል ጋስትሮኢንተስቲናል ሕማም እንተሃልዩዎ ክታበት ክዝንግዕ ግበሩ፡፡

## ብዛዕባ ሕማም ሮታቫይረስ

ቈልዓ ሮታብቫይረስ ዝተበከለ ኣቕሓ ምስ ሓዘ ኢዱ ናብ ኣፉ እንተእቱው እቲ ሕማም ዝመፅኣሉ ልሙድ መንገዲ እዩ፡፡ ቈልዑ፡ ኣብ ቀድሚ፣ እዋንን ድሕረን ምልክታት ከርእዩ ምኽኣሎም፣ ነቲ ቫይረስ ብሰገራኦም ኣቢሎም ክውፅኡዎ ይኽእሉ፡፡ ምህላው ሕማም ሮታቫይረስ ክፋል ምክልኻል ኣንፃር ዳግመ-ምሕማም ስለ ዝህብ ብዙሓት ሰባት ኣብ እዋን ቁልዕነቶም ዝተፈላለዩ ምርኢታት ሕማም ሮታቫይረስ ክህሉዎም ይኽእል፡፡ ፅቡቕ ኣተሓሕዛ ፅሬት ኢድ ዝርግሐ እቲ ቫይረስ ዝንክይ እኳ እንተኾነ ምሉእ ብምሉእ ግና ደው ኣየብሎን እዩ፡፡

ሕማም ሮታቫይረስ ካብ ካልኦት ሕማማት ጋስትሮኢንተስቲናል ዝዛይዱ ብዙሓት ሕያላት ምልክታት የምፅእ፡፡ መብዛሕቱኦም ቈልዑ ናብ ዝተሓላለኸ እንተይበፅሑ እንትሓውዩ ገሊኦም ግና ነቲ ጉድለት ኣካላዊ ጠሊ ሕክምና ይደልዩ እዮም፡፡ ሕክምና ዘንጊዑ እንተተጀሚሩ፣ እቲ ሕማም ክቐትል ይኽእል እዩ፤ እዚ ግና ኣብ ኖርወይ ብዙሕ ኣይረኣይን፡፡ ኣብ መደብ ተኸላኽሎኣዊነት ቁልዕነት ቅድሚ ምትእትታው ክታበት ሮታቫይረስ፣ ኣናእሽተይ ቈልዑ እናምለሱን እናውፅኡኦምን ናብ ሆስፒታል ክምዝገቡ ካብ ዝገብር ክልተ ኢድ ካብ ሰለስተ እቶም ምኽንያታት ሮታቫይረስ እዩ ነይሩ፡፡ በብዓመቱ፣ 700-1100 ብሮታቫይረስ ሓሚሞም ኣብ ሆስፒታል ንክሕከሙ ካብ ዝተመዝገቡ ቈልዑ፣ መብዛሕቱኦም ትሕቲ 2 ዓመት ዕድመ ዝነበሮም እዮም፡፡

## ዝደጋገሙ ጐናዊ ፅልዋታት

ኣብ መደብ ተኸላኽሎኣዊነት ቁልዑነት (ሮታሪክስ) እቶም ኣዝዮም ዝደጋገሙ ዘይድለዩ ፅልዋታት ዝበሃሉ፧

- ካብ 10 ዝተኸተቡ ቈልዑ ኣብ 1 ሕርቃንን ምፍናው ፍታንን፡፡
- ካብ ዝተኸተቡ 100 ቈልዑ ከሳብ 1 ኣብ ዝኾኑ ቃንዛ ከብዲ፣ ሕልፊ መልሲ ግብሪ ንፋስን ቈርበትን ይረኣይ፡፡

መዓንጣኦም ብዓርሱ ናብ ውሽጢ ኣብ ዝተሰሓበ ዕሽላት ኢንቱሳሰብሽን ሓሓሊፉ ዝረኣይ ጉዳይ እዩ። በብዓመቱ ኣብ ኖርወይ፣ ዕድሚኦም ትሕቲ 1 ዓመት ዝኾኑ ኣስታት 35-40 ቈልዑ ብኢንቱሳሰብሽን ናብ ሆስፒታል ተመዝጊቦም እዮም። ድሕሪ ምትእትታው ክታበት ሮታቫይረስ እቲ ቁፅሪ ክውስኽ ከም ዝኽ እል መፅናዕቲታት ሓቢሮም እዮም (ካብ 20,000 ዝተኸተቡ ክሳብ 1 ተወሳኺ ጉዳይ)፣ ብፍላይ እቲ ክታበት ልዕሊ ዝተወሰነ ዕድመ እንተተዋሂቡ። ብመሰረት እዚ፣ እቲ ፈላማይ ዓቐን መድሓኒት ቈልዓ 12 ሰሙናት ዕድመ እንትበፅሕ ክወሃብ ይግበኦ፤ እቲ ካልኣዋይ ድማ ዓቐን ድማ ቈልዓ 16 ሰሙናት እንትኸውን ይወሃብ።

ፈላማይ ዓቐን እንተቐዲሙ ኣብ 6 ሰሙናት ይወሃብ፤ ድሕሪ 12 ሰሙናት ግና ኣይወሃብን።